<u>ዜና ነሓሰ 06፡ 2007</u>

## <u>ሓደ በዓል መዚ ካብ ኤርትራ ብስራሕ ምስ ገሸ ኣይተመልሰን</u>

ኣብ ኤርትራ ሓላፊ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ዝነበረ ኣቶ ዮናታን ኣብርሃ ኣብ ወርሒ ሓምለ ብምኽንያት ስራሕ ንኤውሮፓ ምስ ከደ ንሃገር ከምዘይተመልሰ ተፈሊጡ።

ብመሰረት ሓበሬታታት ካብ ኣስመራ፡ ኣቶ ዮናታን ሓላፊ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኮይኑ ክሳብ 2003 ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ 2003 ሓላፊ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ብምኻን ብፍላይ ነተን ኣብ ኤርትራ ዝተኸፍታ ሓደስቲ ኮሊጃት ዝኾኑ ህንዳውያን መምህራን ካብ ህንዲ ብምምጻእ ዓብይ ተራ ዝነበሮ ሰብ'ዩ።

ኣብ ኤርትራ ብምኽንያት ስራሕ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝወጹ ሓለፍቲ ነቲ ስርዓት ራሕሪሖሞ ናይ ዝተርፉ ቁጽሪ እናበዝሐ ይኸይድ ኣሎ።

## <u>ኣብ ሃገረ ሽወደን ሰላማዊ ሰልፊ ተኻይዱ</u>

ነቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝዳሎ ዓመታዊ ፌስቲቫል ዝቃወም ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ ስቶኮልም ተኻይዱ።

በቲ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ሓያለ ኤርትራውያን ኣብቲ ፌስቲቫላት ካብ ምስታፍ ተቖጢቦም።

## <u>ኤርትራ ንምንዋሕ ግዜ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ትቃወም፡</u>

ኣብ ዝሓለፈ ቐዳም ኤርትራ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰኑይ ብባይቶ ጸጥታ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ተልእኾኡ ብ 6 ወርሒ ናይ ምሕዳስ ውሳኔ ተቓዊማቶ።

ኤርትራ ነቲ ብ 2002 ብኮምሽን ዶብ ዝተወሰነ ውሳኔ ውድብ ሕቡራት ብዘይምጽዳቑ ነቲ ዓለማዊ ውድብ ትኸሰስ።